# ምሕዳስ ቤተ ክርስትያን ርእሰ ኣድባራት
# ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፥



ቤተ ክርስትያን ደ.ቅ.ሚካኤል ከረን ንመጀርያ ጊዜ ኣብ 1858 ዓ.ፈ ብመረባዕ ተሰርሐት። እዚኣ ክሳብ 1869 ኣገልጊላ ብኣውሎ ንፋስ ምስ ወደቀት፥ እዛ ሕጂ ዘላ ቤተ ክርስትያን ተሰሪሓ ኣብ 1875 ተጸንበለት። ቀቅድሚ ምጽንባላ ግን ኣብ 22 ሕዳር 1875 ሓያል ምንቅጥቃጥ ምድሪ ጌሩ እኳ እንተነብረ ጽንዓታ ከተመስክር ኪኢላ እያ።

ብተወሳኺ እዛ ቤተ ክርትያን እዚ ህልው ቅርጺ ክትሕዝ ኣብ 1895-96 ዓ.ፈ ብማሕበር ክፑቺኒ፥ ኵፖላን እንዳ ድወልን ተማሊኡላ። ውግእ ብዘስዓቦ ምኽንያት እቲ ሕንጻ ስለዝተጎድኤ፥ በብግዚኡ ምትዕርራይ ተገይሩላ ንኣብነት ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም 1941 ኣውራ ድማ ብ1977 ብፈላሚ ኵናት ምሕራር ከረን፥ መጉዳእቲ በጺሕዋ ኔሩ።

እዛ ከባቢ 135 ዓመት ኣቑጺራ ዘላ ቤተ ክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፥ ካብተ ኣብ ከረን ዘለዋ ናይ ጥንቲ ህንጻታት ብቀዳምነት እትስራዕ ኮይና ብሓቂ ጽንዕቲ ሕንጻ እያ። ብዘለዋ ጽበት ምስ እዚ ሕጂ ዘሎ ምእመናን ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን፥ ብጣዕሚ ንእሽቶይ እያ። ምእመናን ኣብዚ ሕጂ እዋን እቶም ዝበዝሑ ኣብ ደገ ብሙኻን እዮም ቅዳሴ ዝሰምዑ።

ቤተ ክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን ምስ ንውሓት ዓ መታት እቲ ደጋዊ ክፍሉ ብጣዕሚ ስለዝኣረገ፥ ኣብዚ ናይ 2009/2010 መደብ ስራሕ ቍምስና ንኽሕደስ ተወሲኑ።



ስለዚ ቆሞስ ምስ ሽማግለ ቤተ ክርስትያን ብሙኽን፡ ነቲ ዘሎ ጸገም ብቢኢላ ከምዝርኤ ብምግባር፡ እቲ ደጋዊ ኣካላታ ቅርጹ ከይለወጠ ብምልኡ ተቀሊጡ ከም ብሓድሽ እንተኖኮ ክህረም ብግቡእ ሕብሪ ክልከ ከምዘለዎ ብምርዳእ፡ እቲ ስራሕ ብ8 ሕዳር 2009 ተሚሩ፡ ክሳብ 15 ጥሪ 2010 ከኣ ከምዝዛዘም ተጌሩ።
እዛ ቤተ ክርስትያን ንኽትሕደስ ምእመናን ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን ዓቢይ ኣስተዋጽኦ ናይ ገንዘብ ጌሮም።

ኣብ መወዳእታ እቲ ውሽጣዊ ክፍሊ ናይዛ ቤተ ክርስትያንውን ብሓቂ ምሕዳስ ዝደሊ ስለ ዝኾነ፡ ኵልኩም ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከቡ መፍቀርቲ ቅ. ሚካኤል ከረን፡ ሓገዝኩም ከይፍለየና ከዘኻኽርን ከተሓሳስብን እደሊ።



ኣባ መርሃዊ ሃብታይ
ቆሞስ ር/ኣድባራት ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን